## ኤርትራዶ ትብደል?

*ሃገር ከላ ንኹሉ ሓደ፡

ገለ ይሰርሓላ ነብሱ እናዋረደ፡

ገለ ይጽይና ካብኣ ከምዘይተወልደ፡

ኣይኮነትን እንዶ ንኹሉ ሓደ።

*ገለ ይሕብሕባ እንዳ ከፈለ መስዋእቲ፡

ስማ ከይጠፍእ ከይወርስዋ ዓመጽቲ፡

ደቅና ከይስእኑ ዝብልዋ ናትና ርስቲ፡

ከይንርገም ጽባሕ በቶም ወረስቲ።

*ስለምንታይ ኩቡር ዋጋ ተኸፊሉ፡

ንመስዋእቲ'ዶ ይበሃልዩ ኣሉ፡

ዓለም ብዓለሙ ዝመስከረሉ፡

ኣየነይቲ ሃገር'ያ ጽንዓትና ዘይተገረመትሉ?

*ስለምንታይ ቁንጣሮ ዝወጹ ካብ ማሕጸና፡

ዊዒሎም ዝሓድሩ ዘጸልሙ ስማ፡

ጓኖት ዓዲሞም ዝብሉ ንስኹም ትሕሹና፡

ካብዚ ዝኸፍእ የለን ፖሎቲካ ብልሽውና።

*እንታዩ እቲ ሽግር እንታዩ እቲ ጠንቂ፡

እናፈለጥካ ዝግበር ጸይቂ፡

ጽባሕ እኳ ኣሎ ሓታቲ ጠያቒ፡

ቀሪቡዩ ግዜ ዝፈርድ ሓቂ።

-------------*-------------

ሞጎስን ሞሳን ንም/ሓ/ኤርትራ

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ገብረንጉስ መስመር

ጥሪ, 08, 2023